# <u>በትሪ ዘቐበለ ከም ዝሃረመ ይቑጸር</u>

ኣብ መንጎ ክልተ ሰብ ነገር ኣትዩ ኣብ ክንዲ ንፍትሕን ንሰላምን ደው ዝብል፡ ናብ ሓደ ሸነኽ ወጊኑ በትሪ ኣቐቢሉ፡ ንሱ ዝደልዮ ክስዕር እቲ ካልእ ድማ  ጉድኣት ክወርዶ'ሞ ክሰዓር ዝተሓባበረ ከም ዝሃረመ ይቑጸር ይብሉ ሰብ ሞያ ሕጊ። ኣማን ብኣማን ቅቡል ሓሳብ'ዩ።  በትሪ ንዘይነበሮ ዓመጸኛ በትሪ ዝሃበን በቲ ዝተቐበሎ በትሪ ሃሪሙ ደም ዘይፍሰሰ ወይ ህይወት ሰብ ዘሕለፈን ኩሎም ካብ ገበናዊ ተሓታትነት ነጻ ክኾኑ ኣይግባእን። ምኽንያቱ "እንተዘይትደፋኣኒ መን መጽደፈኒ" ከም ዝበሃል ናትካ ጠቕሚ ወይ ርእይቶ ከተረጋግጽ ክትብል ኣብ ክንዲ ንብዱል ምሕጋዝ  ንዓመጸኛ ምትብባዕ፣ ድኹምን ድኻን ዝህረመሉ በትሪ ምቕባል ሓላፍነት ዝጎደሎን ብቐጥታን ብታሪኽን ዘተሓትትን'ዩ።

 ሎሚ ኤርትራውያን ብውልቀን ብደረጃ ስድራ-ቤትን ናብ ስደት ዝውሕዝሉ ዘለው ኣዝዩ ኣሰካፊ ወቕቲ ምዃኑ ይፍለጥ።  ካብ ቤት ንብረቶም ክፈናቐሉ ኣርሒቖም ክስደዱ፣ ግዳይ ሰብኣውነት ዝጎደሎም ነጋዶ ሰብ ክኾኑ፡ ብባህሪያዊ ሓደጋ ክጥቅዑ ዘገደዶም መን ምኻኑ'ውን ብጭብጢ ዝተረጋገጸ ሓቂ'ዩ። ጠንቂ ስደት ኤርትራውያን ቁጠባዊ ጸገም ኣይኮነን። ካልኦት ኣብ ዘፍረይዎ ተሓንጊርካ ንምንባር ካብ ምድላይን ዝምንጩ ስንፍና'ውን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዘይሕጋውን ዘይደሞክራስያውን ዓመጸኛ መንግስታዊ ጉጅለ'ዩ። ሓደ ህዝቢ ከም'ዚ ዝበለ ጸገም እንከጋጥሞ እንታይ ዓይነት ኣቀባብላን ኣተሓሕዛን ክግበረሉ ከም ዘለዎ፡ ግደ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣባል ሃገራቱን ኣህጉራውያን ትካላትን እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ፡ ኣድማሳዊ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት እንታይ ከም ዝብል ዘይፈልጥ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ኣድማሳዊ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሰብ ናይ ተፈጥሮ ሰብ  ብምዃኑ ጥራሕ፡ ኣብ ዝኸደ ይኺድ ናይ ዜግነትን ሃገርነት ኣድልዎ ከይተገብረሉ ብህይወት ናይ ምንባር መሰል ኣለዎ። ስለዚ ከኣ ኣብ ዝኣተዎ ሃገር ብህይወት ንምንባር ዘኽእሎ ቀረባት ክረክብ ኣለዎ። ስደተኛ ብምዃኑ ጥራሕ ሰብኣዊ መሰሉ ክግፈፍ የብሉን። ክእሰር ክግረፍ ብዘይድሌቱ ናብ'ቲ ገዲፍዎ ዝወጸ ዓማጺ ሓይሊ ክርከብ የብሉን'ዩ ዝብል።

እዚ ቅኑዕ ዓለማዊ ስምምዓት ንምኽባር መሰል ስደተኛታትን ሰብኣዊ መሰላትን ምስ ደረጃ በጺሕዎ ዘሎ ምዕባለ፡ የገድሰንን ይጣበቐሉን'የ ኢሉ ብወግዒ ዝዛረበሉን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ኣባል ሃገራቱን  ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ዝኽተልዎ ዘለው ብዙሕ ሃጓፋት ዘለዎ ኣተሓሓዛን ብምንጽጻር ክረአ እንከሎ፡ እዚ ሕብረት ናበይ ገጹ'ዩ ዝኸይድን ዘንቀልቁልን ዘሎ? እምበር'ዲ ንመን በትሪ ሂቡ ንመን ይሃርም ከም ዘሎ ይርደኦ'ዩ? ኢልካ ክትሓትትን ኣብ ምዕባለኡን ልዕሊ ኩሉ የገድሰኒ ኢሉ ዝገልጾ ሰብኣዊ ክብረትን ምልክት ሕቶ ክትገብር ይድርኸካ። ክፍለ-ዓለም ኤውሮጳ  ብዙሕ ሓጎጽጎጽ ሓሊፉ ሎሚ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ጥርዚ ናይ ምዕባለ ከም ዝርከብ ኣይተሓትትን። ስደተኛታት ኣብ ምቕባል'ውን መሊእካ ዝኹነን ኣይኮነን። ብዙሕ ንኡድ ፖሊሲታትን ተግባራትን ዘለዎ ኣህጉር'ዩ። ብፍላይ እቲ ን27 ሃገራት ሓቑፉ ዝርከብ ሕብረት፡ ንኤርትራውያን ሓዊስካ ኣብ ባሕሪ ሜዲትራኒያን ንዘጋጥም ሓደጋ ንምክልኻልን ህይወትን ንምድሓንን ገዚፍ ባጀት ሰሊዑ፡ ዘድሊ ሓይሊ ሰብን መሳለጥያን ኣዋፊሩ ክገብሮ ዝጸንሓን ዘሎ ምርብራብ፣ ብሳላኡ ንስክላ ካብ ሞት ዝደሓኑ ስደተኛታት፣ ከምኡ'ውን ስደተኛታት ኣብ ምድሪ ኤውሮጳ ምስ ኣተው ከመይ ይተሓዙ ወይ ይተኣናገዱ ዝኽተሎ ዘሎ ኣገባብን ምስ ዘለዎ ንኡስ ጎደሎታት ንኡድ'ዩ።

ዋሕዚ ስደተኛታት በዚሑኒ፡ ምድሪ ኤውሮጳ ካብ ክስከሞ ዝኽእል ንላዕሊ ኮይኑ፡ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ዘይምርግጋእ ፈጢሩ ካብ ዝብል ኩርናዕ ተበጊሱ፡ ዋሕዚ ስደተኛታት ንምዕጋት ድሒሩ ዝተኸተሎ መንገዲ ግን፡ ብርግጽ ኣንጻር'ቲ የገድሰኒ ዝብሎ ክብረት ሰብኣዊ መሰላትን ምስ ስልጣነኡ ዝሳተምን'ዩ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ደሞክራስያዊ መሰላት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ሰብኣዊ መሰላት ዝዕፍን፣ ዘሳቒ፣ ኣብ ልዕሊ ዜጋታቱ ዘመን ዝሰገሮ ብባርነት ዘስርሕ፣ ብገበን ጥሕሰት ሰብኣዊ ክብረት ክሕተት ዘለዎ ዓመጸኛ ስርዓት'ዩ ዝብል መርገጽ ወሲዱ ከብቅዕ፡ ተገልቢጡ ኤርትራውያን ህይወቶም ከድሕኑ ካብ ኤርትራ

ከይወጽኡ ንምዕጋት፡ ነቲ ዓመጸኛ ኢሉ ዝኸሰሶ ጉጅለ ኣማኢት ሚሊዮናት ገንዘብ ሰሊዑ ህይወት ክዘርኣሉ ምሕላኑ ንግፍዑን ድኻን ኤርትራዊ በትሪ ሂብካ ካብ ምቕጥቃጥ ወጻኢ ካልእ ስምን መግለጽን ክወሃቦ ዝከኣል ኣይኮነን።

ካብ ፖሊሲ ተኲስካ ቅተል ስርዓት ህግደፍ ንስክላ ኣምሊጦም ንዝወጽኡ ኤርትራውያን ንምዕጋት ፍጹም ሰብኣውን ህዝባውን ሓላፍነት ንዘይስመዖም ገለ ካብ መንግስታት ጎረባብቲ ሃገራት ብተመሳሳሊ ብገንዘብን ነዋትን ኣዕጢቑ፡ ኤርትራውያን ክሃድኑ ክኣስሩ ከጋፍዑ ዝገብሮ ዘሎ ምትብባዕን ድፍኢትን ንገበነኛ በትሪ ምቕባል፡ ብዱል ዘድሕኖ ስኢኑ እናተሳቐየ ክመውት ምፍራድ'ዩ። ኣብ'ዚ ዘይስገር ሓደ ሓቂ ኣሎ። ሕብረት ኤውሮጳ ኮነ ካልእ ስደተኛታት ናይ ምቕባልን ዘይምቕባልን ኣብ ሰናይ ምሕረቱ'ዩ። ኣየእቱን ክብል መሰሉ'ዩ። ክቕበል'ውን መሰሉ'ዩ። ነቲ ጠንቂ ምዝንባልን ስደትን ናይ ህዝብታት ዝኾነ ዓመጸኛ መንግስታዊ ጉጅለ፡ ገበን ኣንጻር ክብረት ሰብኣውነት ከም ዝፍጽም እፈልጥ'የ። ንዜጋታቱ ኣልቦ ክፍሊት ብባርነት ከም ዘስርሕ ጭብጢ ኣለኒ። ብዙሓት ሰባት ኣሲሩ የሳቒ ምህላው ኣረጋጊጸ ኣለው'ኹ። ዋሕዚ ስደት ኤርትራውያን ከኣ ካብ'ዚ ዝምንጩ'ዩ ኢሉ እናኣመነ፡ ንጠንቂ ስደትን ሓላፍነት ዘይስመዖም ገለ መንግስታትን መህደኒ መሳቐዪ መቕተሊ ኤርትራውያን ዝኾኖም ገንዘብ ክህቦም ግን፡ ገንዘብና ንዝደለናዮ እንተሃብና መን ይሓተና ካብ ዝብል ዝብገስ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር 'ምበር መሰል የብሎምን።

ስለዚ ኤውሮጳዊ ሕብረት ምስ'ዞም ሓላፍነት ዘይስመዖም መንግስታት ንሶም ገንዘብ ክኸፍሉ፡ እቶም መንግስታት ንኤርትራውያን ክሃድኑ፡ ክኣሰሩ ከሳቕዩ፡ ኣሕሊፎም ንጸረ-ህዝቢ መንግስታዊ ጉጅለ ህግደፍ ከረክቡ ብዝገበሮ ስምምዕ መሰረት፡ ኤርትራውያን ካብ ተኻርዮም ዝነብርሉ ኣባይቲ፣ ብሕጊ ካብ ዝተጣየሰ መዓስከር ስደተኛታት፣ ካብ ጎደናታት፣ ካብ መስመር ሰሃራ እናኣረኻ ብምድጓን ዝፍጸም ዘሎ ግፍዒ፣ ዝሕተት ዘሎ ገንዘባዊ ክፍሊት፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ዝፍጸም ዘሎ ጾታዊ ዓመጽ ናቶም ባርኾት ዘለዎን ብታሪኽ ዘሕትቶም ምኻኑን ክዝንግዑ የብሎምን። እዚ ኣብ ስልጣን ንምቕናይን ንገንዘባዊ ረብሓን ክብል ባህርያዊ ሕውነታዊ ዝምድናን ጉብትናን ናይ ክልተ ህዝብታት ከየገደሶ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን፡ ከም'ዚ ዝብለ ኢ-ሰብኣዊ ግፍዕታት ዝፍጽም ዘሎ ስርዓት ዝበቖለሉ ህዝቢ ብተመሳሳሊ፡ እቲ ስርዓት ከም ስርዓት ህልውናኡ ንሓጺር ግዜ ምኻኑ፡ ናይ'ዚ ንሱ ዝፍጽሞ ዘሎ ተግባር በሰላ ግን ብቐሊል ከምዘይሓዊ ኣብ ዝምድና ናይ'ዞም ህዝብታት ጸሊም ነጥቢ ዝገድፍ ምኻኑን ብምርዳእ፡ ብወግዒ ዓገብ ኣብ ሃገርና ኣብ መሬትና ስደተኛታት ክጋፍዑ የብሎምን ኢሉ ተቓውሞ ዘይምስማዑ ካብ ወቀሳ ከም ዘይድሕን ክርዳእ ኣለዎ። ልዕሊ ኩሉ ግን ሕብረት ኤውሮጳ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብትካላት ጸጥታ ጎረቤት ሃገር ዝበጽሖም ዘሎ ኢ-ሰብኣዊ ገበናት ኣቐባሊ በትሪ ብምኻኑ ከም ዝሃረመ ከም ዝቑጸር ክዝንግዕ የብሉን።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 10-04-2017